# ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ

## ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ዚወሃብ ትምህርቲ ኣብ ድላይ ተመሃሮ፡ ኣብ ዚቐሰምዎ ፍልጠትን ተሞኵሮን ዝተመሥረተ'ዩ። እቲ ዚወሃብ ትምህርቲ ካብ ክፍሊት ናጻ'ዩ። ኣብ ኵላተን ህዝባውያን ...

*... ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ተመሂርካ ናብ ላዕላይ ደረጃ ትምህርቲ ክትሰጋገር ዘኽእለካ ብቕዓት ከተጥሪ ትኽእል ኢኻ። ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ርእሰን ዝኽኣላ ናጻ ትካላት'የን፤ እቲ ዚህባኦ ኮርስ ወይ ትምህርቲ ከኣ ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ይፈላለ።*

### መሠረታዊ ኮርስ

ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ዚወሃቡ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ኣለው። እቲ ኣውራ ልሙድ መሠረታዊ ኮርስ ይበሃል፤ Allmänkurs (መሠረታዊ ኮርስ/ብቕዓት ዚህብ ኮርስ) ኣብ ኵላተን ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ'ውን ይወሃብ። መሠረታዊ ኮርስ ወሲድካ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትኣቱ፡ ብቕዓት መባእታውን ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን ክትቀስም ትኽእል ኢኻ። ካብቶም እትመሃሮም ዓይነታት ትምህርቲ ሽወደንኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ሕሳብን ማሕበራዊ ትምህርትን ይርከብዎም። መሠረታዊ ትምህርቲ ተማሂርካ እትረኽቦ ምስክር ወረቐት/ባጀላ የለን። ኣምስይኡ ግን ኣብ ትምህርቲ ክም ዝተሳተፍካ ዚምስክር ሓደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ጥራይ ዚህባኦ መምዘኒ ወረቐት (studieomdöme) ይወሃበካ።

### ፍሉይ ኮርስ

ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ብዕምቈት እትስልጥነሎም Profilkurser ፍሉያት ኮርሳት'ውን (Profilkurser) ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ፍሉይ ኮርስ ንኣብነት ናብ ሙዚቃ፡ ሚድያ፡ ትያትርን ቋንቋን ዘድሃበ ኪኸውን ይኽእል። ብቕዓት ዘውህቡ ፍሉያት ኮርሳት የለውን፤ እትረኽቦ መምዘኒ ወረቐት (studieomdöme) እውን የልቦን።

### ሞያዊ ትምህርቲ

ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ yrkesutbildningar ብዙሕ ትምህርቲ ሞያ'ሎ (yrkesutbildningar)። ምናልባት ጋዜጠኛ፡ ሓላፊ ትርፊ-ጊዜ (ፍሪቲድስሌዳረ)፡ ተሓጋጋዚ ሕክምና ወይ ውልቃዊ ተሓጋጋዚ ክትከውን ትደሊ ትኸውን። ኣብ'ዛ ሃገር ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ዘለዉ ዝርዝር ትምህርትታት ሞያ ነዊሕ'ዩ።

### ብመልክዕ ሓዳርን ብርሖቕን ዚወሃብ ኮርስ

ሓያለ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ብመልክዕ ሓዳርን (internat) ብርሒቕን ዚወሃብ ትምህርቲ'ውን ንተመሃሮ የወፍያ'የን። ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ እንዳ ተመላለስካ ክትመሃር ይርሕቀካ'ዶ፤ እዝ'ስ ጸገም የብሉን። ግድን ብኣካል ከይተረኽብካ ክትመሃሮም እትኽእል ሓያለ ብርሑቕ ዚወሃቡ ኮርሳት(distanskurser) ኣለዉ distanskurser።

### ዋጋታት፡ ኵነታት ቕበላን፡ ደገፍ ትምህርትን

እቲ ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ዚወሃብ ትምህርቲ ክፍሊት የብሉን፤ እንተኾነ ግን፡ ክትመሃር ከለኻ ንዘድልዩኻ መጻሕፍትን ካልኦት ኣቕሑት ትምህርትን ዚኸውን ወጻኢ ባዕልኻ ኢኻ ትኸፍሎ። ገለ-ገለ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ'ውን ንምሳሕ ዚኸውን ግዴታዊ ክፍሊት የኽፍላ'የን። ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ሓዳሪ ተመሃራይ እንተ ኾይንካ፡ ንቀለብን ገዛን ትኸፍል። ትምህርታዊ ምብጻሕ ወይ ትምህርታዊ መገሻ ኣብ ዚህልወሉ ወቕቲ'ውን ተወሳኺ ወጻኢ ኪህሉ ይኽእል'ዩ።

ዝኾነ 18 ዓመት ዕድመ ዝመልአ፡ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ኪጅምር መሰል ኣለዎ። ስሕት ኢሉ 18 ዓመት ከይመላእካ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ እትመሃረሉ ኩነታት'ውን ኣሎ። እዚ ክትገብር ክትክእል ግን እቲ እትቕመጠሉ ምምሕዳር ኮሙን ናይ'ታ ቦታኻ ወጻኢ ኪሸፍነልካ'ለዎ።

ኣብ'ዚ ኪርሳዕ ዘይብሉ ኣገዳሲ ነገር፡ ኵሉ ትምህርቲ ብቋንቋ ሽወደንኛ'ዩ ዚወሃብ። ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ኣቲኻ ክትመሃር፡ እንተ ወሓደ ቋንቋ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት (SFI) መባእታዊ ደረጃ ወይ ካልእ ምስኡ ዚዳረግ ትምህርቲ ኪህልወካ'ለዎ። ቍሩብ ፍልጠት ሽወደንኛ ንዘለዎም ወጻእተኛታት ዚኾኑ ፍሉያት ኮርሳት ኣለዉ። ዚኣክል ፍልጠት ሽወደንኛ እንተለካ ግን መሠረታዊ ወይ ፍሉይ ኮርስ ብቐጥታ ክትመሃር ቅቡል ኢኻ።

ክም መጠን ተመሃራይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ፡ ካብ ሽወደናዊ ቦርድ ደገፍ ትምህርቲ (CSN) ደገፍ ክትሓትት

ኣብ መካነ-መርበብ
WWW.FOLKHOGSKOLA.NU
ንኹላተን ኣብ ሽወደን ዚርከባ
ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርትን
ዘበርክታኦም ኮርሳትን
ብዝምልከት ሓበሬታ ክትረክብ
ትኽእል ኢኻ፣

ትኽእል ኢኻ።

**www.folkhogskola.nu**

ኣብ መካነ-መርበብ www.folkhogskola.nu ንኹላተን ኣብ ሽወደን ዚርከባ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርትን ዘበርክታኦም ኮርሳትን ብዝምልከት ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ዚካየድ ምእኩል ቅበላ የልቦን። ኹላተን ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ነናይ ገዛእ ርእሰን ቅበላ የካይዳ፤ ተመሃሮ ኪምዝገቡ ዚጥቀሙሉ ነናተን መሕተቲ ቅጥዒ'ውን ኣለወን። ዚበዝሓ ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ብቐጥታ ንዝተፈላለዩ ኮርሳት ምልክታ እተእትወሉ ነናተን መካነ-መርበብ ኣለወን። ኣብ www.folkhogskola.nu ናብ መካነ-መርበብ ነፍሲ-ወከፍ ህዝባዊት ቤት ትምህርቲ ዚመርሕ ሓባር-መንገዲ (länk) ኣሎ።

## ድሕረ-ባይታዊ ጭብጢ

ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ሽወደን ልዕሊ 100 ዓመት ዝገበረ ኣገባብ ትምህርቲ'ዩ። ኣብ ሽወደን 150 ዚኾና ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ'ለዋ። እተን 110 ካብኣተን ምስ ዝተፈላለያ ህዝባውያን ምንቅስቓሳትን መኽሰብ-ኣልቦ ውድባትን ዝተኣሳሰራ'የን። ዳርጋ 40 ዚኾና ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ብምምሕዳራት ወረዳን ዞባታትን ይካየዳ።

ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ካብ መንግሥትን ምምሕዳራት ወረዳን ዚርከብ ሓገዝ ይምወላ።ዕላማ'ቲ መንግሥቲ ንህዝባዊ ትምህርቲ ዚህቦ ሓገዝ እዚ ዚስዕብ'ዩ፡-

- ንዲሞክራሲ ዘትርፉን ዘማዕብሉን ንጥፈታት ምድጋፍ
- ውልቀ-ሰባት ኹነታት ህይወቶም ኪጸልዉ ዕድል ምሃብን ኣብ ምዕባለ ማሕበረሰብ ተሳታፍነት ኪህሉ (ንኣብነት ብፖሊቲካ፡ ብማሕበረ-ሞያ፡ ብባህሊ ወይ ካልእ መኽሰብ-ኣልቦ ሥራሕ) ምውሳእ ፈጢርካ ኣበርክቶ ምግባር
- ንትምህርታዊ ጋግ ንምጽባብን፡ ደረጃ ትምህርትን ምምህርናን ኣብ ማሕበረሰብ ኪልዕል ኣበርክቶ ምግባር
- ኣብ ባህላዊ ናብራ ናይ ምስታፍ ዘሎ ተገዳስነት ንምግፋሕ ኣበርክቶ ምግባር